# መንእሰይ
# ንድሕነት ሃገር
# ስመርርርር

ብ/ኣማን ሰላም

መንእሰያት ሃየ ሎሚ ኢዩ እዋኑ
ስ መ ር ር ር ር
ህዝቢ ምስ ሃገር ከተድሕኑ

ስ መ ር ር ር ር
ንድሕነት ሃገርርር

ካብ ማእከላይ ምብራቕ ማዕበል መንእሰያትና
ምስ ኣብ ዓለም ዘለዉ ምንእሰያት ኣሕዋትና
ስለ እቲ ሓቂ ሕድሪ ሰውኣትና
ንድሕነት ሃገርና ህዝብና
ደጊም ሓቢርና ተበጊስና ኣለና

ስመርርርርር
ንድሕነት ሃገርርር

ኣብ ትሕቲ ጽላል ሃገራዊ ባይቶ
ንዲክታቶር ደምሲስካ ናዓ ሃገር እቶ
ትጽበየኩም ኣላ ተስፋኣ ካባኸትኩም
እታ ሓላል መሬት ኤርትራኹም

ስመርርርርር
ንድሕነት ሃገርርር

ወሳኒ ኢዩ ሓይሊ ናታትኩም
ኣብ ሓደ እንተ ተጠርኒፍኩም
ምስ ምሉእ ሓድነትኩም

መንእሰያት ሃየ ሎሚ ኢዩ እዋኑ
ህዝቢ ምስ ሃገር ከተድሕኑ

ስመርርር
ንድሕነት ሃገርርርር

ነቲ ቀንዲ ጠንቂ ኮይኑ ዘሎ
ስርዓት ህ.ግ.ደ.ፍ ንኽዕሎ
ሓይሊ መንእሰያት ተበጊሱ"ሎ
ድሕነት ሃገር ኣብ ግብሪ ክውዕሎ
የለን ድሕሪ ሎሚ ዝኽልክሎ
እቲ ተስፋ ሃገር ነቂሉ ኢዩ ዘሎ

ስመርርርር
ንድሕነት ሃገርርርር

እዚ ዝወረደ ዘሎ ግፍዒ ኣብ ኣብ ህዝብና
ኣብትሕቲ ማእሰርቲ ጸላኢና

ኣብ ጎላጉል ሲና ኮላሊቶም ተመንጢሎም
ኣብ ማእከላይ ባሕሪ ብጁምላ ጥሒሎም
ኣብ ዶብ ብዙሓት ተረሺኖም
ብምስምስ ኣብ በረኻ ሳዋ ታኣሲሮም
ኣብዝ ኸፊአ ኩነታት ኢዩ ዘሎ ምውዓሎም
ዕድሚኡም ምሉእ ንጀነራላት ምግልጋሎም
ኣብዚ ዘመን ተክኖሎጂ ጊላነት ኮይኖም
ሎምስ ሓሊፍዎም ብሓቂ መሪርዎም
ብዝታሓተ ደረጃ ኣለዉ ይቃውምዎም
በሉ ናትና ሓይሊ ኣሎና ንበሎም

ስመርርርር
ንድሕነት ሃገርርር

ዳሃይ መትእስሳር መንእሰያት
ኣብ ኩሉ መዳያት
ንሃገርና ድሕነት
ካብ ኩነ እምነት

እሞ መንእሰይ ኤርትራ
ዘለኻ ኣብዝኾነ ስፍራ
ናዓ ነተግብሮ ናይ ጆጋኑ ሓደራ

ስመርርርር
ንድሕነት ሃገርርርር

ማዕበል መንእሰያትና
ሎሚ"ውን ከምትማልና
ኣብ ዲሞክራሲያዊ ለውጥና
ቅሩባት ኣሎና
ኣብ ጉኒ ህዝብና

ተላዓል ጉበዛይ ንድሕነት ሃገርካ
ሎሚ"ውን ከምትማሊ ክትደግም ቅያኻ
ህዝባዊ መንግስቲ ይትከል ባኣኻ
ዲክታቶር ይድምሰስ ብሓድነት ሓይልኻ

ስመርርርር
ንድሕነት ሃገርርርርር

ኣብ ማእከላይ ምብራቕ ኣብ ቀረባ ዘለኻ
ምስቶም ኣብ ዓለም ዘለዉ ክሎም ብጾትካ
ትዳህላ ሃገር ትጽዋዓካ
ቀጽሎ ጅግንነት ኣያታትካ

ስመርርርርር
ንድሕነት ሃገርርርርርርርር

ካብ ማእከላይ ምብራቕ